# 19 ናይ ዑቕባ ይግባይ

እዚ ናይ ዑቕባ ይግባይ 2ይ ዕድል ስለምንታይ ናብ ሃገርካ/ኪ ንኽትምለስ/ሲ ትፈርሕ/ሒ ንኽትገልጽ/ጺ ክወሃበካ/ኪ እዩ። ይግባይ ዝበልካዮ/ክዮ ብናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeals Board (RAP)] ክቕበልን ክስማዕን እዩ።

## ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeas Board (RAB)] እንታይ እዩ?

ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ ንዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ መዕለቢ ዝገብር እዩ (ተመሳሳሊ ምስ ቤትፍርዲ ግን ወግዓዊ ኣይኮነን) ንይግባይ ዝብሉ ስደተኛታት ንኽሰምዕ ከኣ ተመስሪቱ። ኣርባዕተ ሰባት ከኣ ኣለውዎ። እቲ ቤት-ጽሕፈት ከኣ ኣብ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይርከብ።

**Refugee Appeals Board,**
**109 Old Mini Street,**
**Valletta**

## መን እዩ ይግባይ ዝብል?

ቅድሚ ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeas Board (RAP)] ነቲ ብ ናይ ቤት-ጽሕፈት ኮሚሽነር ስደተኛታት ዝተዋህበካ/ኪ ውሳነ ይግባይ ክትብል/ሊ ይከኣል እዩ፡ መዓስ፦

- መዝገብካ/ኪ ብ ጌጋ ተነጺጉ ኣሎ ኢልካ/ኪ ምስ ትሓስብ/ቢ
- ናይ ሳብሲደሪ ዑቕባ ተዋሂብካ/ኪ፡ ግን ረፍዩጂ እዩ ዝግብኣኒ ምስ ትብል/ሊ
- ዝተዋህበካ/ኪ ውሳነ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ዱብሊን ናብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክትከይድ/ዲ ኮይኑ፡ ንስኻ/ኺ ምስ እዚ ዝተዋህበ ውሳነ ምስ ዘይትሰማማዕ/ዒ።

## መዓስን ብኸመይን ይግባይ ይብል?

ነቲ ናይ ረፍኮም ውሳነ ይግባይ ክትብል/ሊ እንተ ደሊኻ/ኺ ን ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeals Board (RAP)] ክትሕብር/ሪን ናይ ይግባይ መዝገብ ከተመዝግብን ናይ ክልተ ሰሙን ዕድል ኣለካ/ኪ። እዚ 2 ሰሙን ካብቲ ውሳነ ዝተዋህበሉ ዕለት ዘይኮነ ካብ እቲ ውሳነ ኣብ ኢድካ/ኪ ዝበጽሓሉ ዕለት እዩ ዝጅምር።

ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeals Board (RAP)] ድሒሩ ዝመጽእ ይግባይ ከምዘይቅበል ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናይ ይግባይ መዝገብ ፋይል ክትከፍት/ቲ ርግጸኛ ኩን/ኒ። ነዚ ብኸመይ ክትገብሮ/ርዮ ከም ዘለካ/ኪ ምስ ናይ ሓገዝ ማሕበራት ተወከስ/ሲ።

ሓንሳብ ይግባይካ/ኪ ምስ ተመዝገብካ/ኪ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ምሉእ ናይ ይግባይ መዝገብ ንኽተረክቦ/ብዮ ናይ 3 ሰሙን ዕድል ኣለካ/ኪ። ኣብዚ ግዜ እዚ እዩ፡ ንስኻ/ኺ ወይ እቲ ሓጋዚኻ/ኺ ስለምንታይ ምስ ናይ ረፍኮም ውሳነ ዘይትሰማማዕ/ምዕን ስለምንታይ ከ እቲ ውሳነ ክቕየር ደሊኻ/ኺን ክትገልጽ/ጺ ዕድል ዘለካ/ኪ።

## ን ናይ ይግባይ መስርሕ ጠበቓ ክጥቀም ይኽእል ዶ?

ይግባይ ኣብ ዝበልካሉ/ክሉ፡ ክሳብ እቲ መስርሕ ዝውዳእ ናይ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ መሰል ኣለካ/ኪ። ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ ምድላው ነቲ ናይ ይግባይ ንኽትብል/ሊ ተረክቦን ከምኡ'ውን ኣብ ቅድሚ ቦርድ ኣብ ትቐርበሉ/ብሉ ግዜ ብኣካል ምህላውን የጠቓልል።

ነዚ ናይ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ ክትሓትት/ቲ ምስ እትደሊ/ልዪ፡ ኣብቲ ናብ ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeas Board (RAP)] እተቕርቦ/ብዮ ናይ ይግባይ መሕተቲ ክትጠቕሶ/ስዮ ኣለካ/ኪ፡ ከምኡ ምስ ትገብር/ሪ ጠለብካ/ኪ ናብ ሕጋዊ ሓገዝ ማልታ ክለኣኽ እዩ፡ ሃገራዊ ወኪል ሕጋዊ ሓገዝ ማለት እዩ። እዚ ወኪል እዚ ጉዳይካ/ኪ ዝከታተል ሕጋዊ ጠበቓ ክገብረልካ/ኪ እዩ። ንመጀመርታ ግዜ መዓስን ኣበይን ነቲ/ታ ጠበቓ ክትራኽብ/ቢ ምኻንካ/ኪ ዝሕብር ናይ ቆጸራ ደብዳብ ክለኣኸልካ/ኪ እዩ።

በንጻሩ፡ ብናትካ/ኪ ወጻኢ ናይ ውልቂ ጠበቓ ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ ወይ ናይ ሓገዝ ማሕበራት ደገፍ ድለ/ዪ።

## ኣብ ግዜ ናይ ይግባይ መስርሕ ናተይ ኩነታት እንታይ እዩ?

ክሳብ ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeas Board (RAP)] ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝህብ ከም ሓታቲ/ት ዑቕባ ኢኻ/ኺ ትጸንሕ። ን ናይ ስደተኛ ይግባይ ቦርድ [Refugee Appeas Board (RAP) ነቲ ናይ ይግባይ መሕተቲ ምስ ሃብካዮም/ክዮም፡ ጌና ሓታቲ/ት ዑቕባ ከም ምኻንካ/ኪ ዝገልጽ ሰርትፊኬት ክወሃበካ/ኪ እዩ። እዛ ወረቐት ክሳብ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝወሃበካ/ኪ ነፍስ-ወከፍ 3 ወርሒ ክትሕደስ እያ፡ ኣብ ማልታ ክሳብ ጉዳይካ/ኪ ዝውዳእ ክትጸንሕ/ሒ ብምፍቃድ ማለት እዩ።



Asylum, Migration and Integration Fund
Project is part-financed by the European Union
Co-financing rate: 75% EU Funds; 25% Beneficiary Funds
Sustainable Management of Migration Flows

**ኣገዳሲ፡ ኣብ ናይ ይግባይ መስርሕ ዘሎ ግዜ ኣድራሻ እንተቐይርካ/ኪ፡ መልእኽትን ውሳነን ንምልኣኽ ስለ ዘድሊ ነቲ ቦርድ ምሕባር ኣይትረስዕ/ዒ።**

## መዓስን ብኸመይን ነቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ኽቕበሎ እየ?

እቲ ቦርድ ውሳነ ንኽወስድ ዝተቐመጠ ናይ ግዜ ገደብ የለን። ሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። ሓንሳብ ውሳነ ምስ ተወሃብካ/ኪ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ዑቕባ መስርሕ እዩ።

እቲ ቦርድ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ክትወሃብ/ቢ እንተፈቒድልካ/ኪ (ሳብሲደሪ ወይ ሬፍዩጂ)፡ ኣብ ማልታ ክትተርፍን እኩባት መሰላት ከተስተማቕርን መሰል ኣለካ/ኪ። ረፍኮንም ናይ ዑቕባ ካርዲ ክህበካ/ኪ እዩ፡ በታ ካርዲ ጌርካ/ኪ ከኣ ን ኣኣብ ሰለስተ ዓመት ትሕደስ ናይ መንበሪ ፍቓድ ካብ መንነት ማልታ (Identity Malta) ክወሃበካ/ኪ ክትሓትት/ቲ ክትክእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

እቲ ቦርድ ነቲ ናይ ረፍኮም ተቐቢሉ ነቲ ናትካ/ኪ መዝገብ እንተ ነጺግዎ፡ ካብ ሽዑ ጀሚርካ/ኪ ሓታቲ/ት-ዑቕባ ኣይክትከውንን ኢኻ/ኺን ንማልታ ክትገድፉ/ፍያ ክትድለ ኢኻ/ኺ። ምናልባት ውን ከም ዝተመለስካ/ኪ ንምርግጋጽ ስጉምቲ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታውን ምእሳርን የተቓልል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ደሊኻ/ኺ? በዚ ኣድራሻ ንኣዲቱስ ተወከስ/ሲ +356 2010 6295 | www.aditus.org.mt | info@aditus.org.mt



Asylum, Migration and Integration Fund
Project is part-financed by the European Union
Co-financing rate: 75% EU Funds; 25% Beneficiary Funds
Sustainable Management of Migration Flows